Care Quality Commission

# ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ሕክምና ትእዛዝ (CTOs) ናይ ሰባት ጥቅምን መሰልን ብከመይ ንሕግዝ

እዚ መፅሓፍ እዚ ብመሰረት ሕጊ ጥዕና ኣእምሮ 1983 ኣብ ትሕቲ ትእዛዝ ሕክምና ማሕበረሰብ ንዘሎ እዩ።

ኦገስት 2012

# ብዛዕባ እዚ ፅሑፍ እዚ

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ኮይኑ ከም ኣካል ናይ ማሕበረሰብ ሕክምና ትእዛዝ (CTO) ሕክምና ትረክብ እንተሊኹም፣ ቀጺልና ናብ ከባቢኹም ኽንከይድ ከለና ምስ ሓደ ኻብቶም ኮሚሽነራት ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ናይ ምርኻብ መሰል ኣለኩም። እዚ ፅሑፍ እዚ ካባና እንታይ ከም እትፅበዩን ብዛዕባ መድሓኒት ናይ ምውሳድ መሰልን ዘድሊ እንተኾይኑ ከዓ ብዛዕባ ንክንክንካ ብዝምልከት ብኸመይ ጥርዓን ከም እተቅርብን ዝገልፅ እዩ።

## ብዛዕባና

ንሕና ናይ ክንክን ጽሬት ኮሚሽን (CQC) እና፣ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ናይ ውልቀ ተቖጻጻርቲ ጥዕናን ማሕበራዊ ክንክን ዓበይትን። ረብሓ ናይቶም ብመሰረት ሕጊ ናይ ኣእምሮ ጥዕና መሰሎም ዝተገደበ ሰባት ንሕሉ ኢና።  ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ሕግታት ብትኽክል ኣብ ጥቅሚ ይውዕሉ ከምዘለውን ሕሙማት ናብቲ ሆስፒታይ ኣብ ዝተኣገድሉ ወይከዓ ኣብ ትሕቲ ናይ ማሕበረሰብ ክንክን ትእዛዝ ኣብ ዘለውሉ እዋን ብትኽክል ክንክን ይረኽቡ ከምዘለውን ነረጋግፀልኩም።

# ሓደ ካብቶም ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ኮምሽነራትና ከመይ ጌሮም ክረኽቡ

ኮሚሽነራትና ብዛዕባ ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ሕግን ኣገልግሎትን ጽቡቕ ፍልጠት ኣለዎም። ካብ እተፈላለየ ድሕረ-ባይታ ዝመጹ ኼይኖም ሓካይም፣ ኣለይቲ ሕሙማት፣ ማሕበራዊ ሰራሕተኛታት፣ ጠበቓታት፣ ተመራመርቲ ስነ-ኣእምሮን ከምኡውን ካልኦት ናይ ስነ ኣእምሮ ፀገም ዘለዎም ወይ ዝነበሮም ሰባትን እዮም።

ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ኮሚሽነራትና ናብ ከባቢኹም ምብጻሕ ኣብ ዝገብርሉ ግዜ፣ እቲ ዘፋነወኩም ጣብያ ጥዕና ነቲ ኮሚሽነርክ ክትዛረብዎ ትደልዩ እንተኾይንኹም ንኽሓተኩም ክራኸበኩም እዩ።

ነቲ ኮሚሽነር ክትረኽብዎ እንተደሊኹም በቲ ሆስፒታል ኣቢልኩም ቆፀሮ ክትሕዙ ትኽእሉ ኢኹም።

ኮሚሽነራትና ከዛርብኹም ናብ ገዛኹም ክመፁ ኣይኽእሉን።

# ኮሚሽነራትና ናብቲ ከባቢኹም ክመፁ ከለው እንታይ ክትጽበዩ ኣለኩም?

ኮሚሽነራትና ናብ ከባቢኹም ክመፁ ከለው ካብኣቶም ንሓደ ክተዛርብዎ እንድሕር ትደልዩ ኮይንኹም ንበይንኹም ክረኽብኹም እዮም።

እቲ ኮሚሽነር ምስቲ ኣብ ግዜ ናይ ሕብረተሰብ ክትትል ከለኹም ማናጀርኩም ዝነበረን ካልኦት ዝከናኸንኹም ዝነበሩን ሰራሕተኛታትን ክረኽቦም እዩ። እዚ ኸዓ ነቲ ኣብ ክንክንን ሕክምናን ዝነበርክምሉ ግዜ ስለ እቶም ዝፀልእኹም ዝነበሩ ነገራት ንምዝርራብን ዝኾነ ዘጸግመልኩም ነገር እንተልዩ ንምልዓልን እዩ።

ኮምሽነር ነዚ ዝስዕብ ከረጋግፅ እዩ፡

- ናይ ማሕበረሰባዊ ሕክምናኹም ብትኽክል ተሰሪሑ ኣሎ።
- ኣብ ትሕቲ ሕጊ ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና መሰልኩም እንታይ ምኳኑ ትፈልጡ ኢኹም፣ክትርደእዎ ብእትኽእሉ መገዲ ገሊፆምልኩም ኣለው።
- ሰራሕተኛታት ምሽጥርኩምን ክብርኹምን ይሕልውሉኩም እዮም።
- ሰራሕተኛታት ናይ ቅድም ድሕረ ባይታኹም፣ ጾታኹም፣ ዕድመኹም፣ ብዛዕብ ፆታዊ ዝምልከት( ካልእ ፆታ በሃጊ፣ሰበይታይ ወይከዓ ቡሽቲ ወይ እውን በዓል ክልቲኡ ፆታ ይሃሊኻ)፣ ሃይማኖትኩም ወይከዓ እምነትኩም ከምኡ እውን ስንክልና ይሃልኹም ኣይሃልኹም ወዘተ የኽብሩልኩም እዮም።

# ኮምሽነራትና ክገብርዎ ዘይኽእሉ ነገራት፤

እዚ ንኽይንገብሮ ዘገድዱና ገለ ሕግታት ኣለው። ኮሚሽነራት ሕጊ ጥዕና ኣእምሮና ነዞም ዝስዕቡ ነገራት ክገብሩ ኣይኽእሉን፤

- ብመሰረት ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ሕጊ ካብ ናይ ማሕበረሰብ ሕክምና ምፍናው
- ብውልቀ ሕክምናዊ ምኽሪ ምሃብ ወይ ከዓ
- ብውልቀ ናይ ሕጊ ምኽሪ ምሃብ።

ኮይኑ ግና ብዛዕባ እዞም ጉዳያት ምኽሪ ንምርካብ ብዝምልከት ንመን ክትረኽቡ ከምዘለኩም ክነግርኹም እዮም።

## ብውልቀ ናይ ስነ ኣእምዎ ጥዕና ተጣበቅቲ

ከም ኣካል ናይማሕበረሰባዊ ሕግምና ትእዛዝ ሕክምና እናረኸብኩም ከለኹም ካብ ብውልቀ ስለ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ዝጣበቁ ምኽሪ ናይ ምርካብ ሕጋዊ መሰል ኣለኩም።

እቶም ሰባት ስፐሻሊስት ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ተጣበቅቲ እዮም። መሰልኩምን ከመይ ከም እትጥቀምሎምን ዝበለፀ ንኽትፈልጡ ክሕግዝኹም እዮም።

ናይ ውልቀ ናይ ስነ ኣእምዎ ጥዕና ተጣበቅቲ ክትረኽቡ እንተ ደሊኹም ነቲ ዝሕክመኩም ዘሎ ጉጅለ ኣዛረብዎ።

# መድሓኒት ናይ ምፍቃድ መሰልኩም

ሕጊ ናይ ስነ ኣእምሮ ጥዕና ከም ዝሕብሮ 'ንሕክምና ፍቓደኛ ምኧን' ሓደ ሕሙም ንሓኪም ክሕክሞም ፍቓድ ምስ ዝህቦምን ስለምንታይ ሕክምና ከም ዘድልዮም፣ ብኸመይ ከም ዝወሃቦም፣ ገለ ጐዳኢ ሳዕቤናት ወይ ሓደጋታት እንተ ኣልይዎ ናይ ምስኻዕ ኣጋጣሚ ከምኡውን ካሊእ ኣማራጺ እንተሃልዩ እዩ። ዝኾነ ሰብ ፍቃድ ዝህብ ዘሎ ኣብ ዘይፍትሓዊ ኩነታት ኣብዘለሉ ወይከዓ ኣብ ውሽጢ ፀቅጢ እንተኾይኑ ትኽክለኛ ፍቃድ ምሃብ ኣይኮነን።

እቲ ናይ ኣሰራርሓ ደንቢ ክትሪኡ እንተደልኹም ነቲ መተሓባበሪኹም ሕተትዎ፣ ወይ ከዓ ቅዳሕ ካብ ናይቲ ጥዕና ክፍሊ መርበብ ሓበሬታ ኣውርዱ።**www.dh.gov.uk**.

ኣብ ናይ ሆስፒታል እገዳ ኣብ ዘለኽሙሉ ግዜ ፍቃደኛ ኣብዘይኮንክምሉ ወይከዓ ብሕማም ምኽንያት ፍቃድ ንምሃብ ኣብ ዘይትኽእልሉ ግዜ ዶክተርኩም መድሓኒት ንኽትወስዱ ናይ ምግዳድ ሕጋዊ መሰል ኣለዎ።

ሀዚ ኣብ ናይ ማሕበረሰብ ሕክምና ትእዛዝ(CTO) ኢኹም ዘለኹም ማለት እዩ። ክትወስዱ **ፍቃደኛ እንተኾይንኩም** ወይከዓ ብምኽንያት ብርቱዕ ሕማም ፍቃድ ንምሃብ ዘይትኽእሉ እንተኮይንኹም ሀዚ እውን ዶክተርኩም መድሓኒት ናይ ምሃብ ሕጋዊ ስልጣን ኣለዎ።

ይኹን እንበር ፍቃድ ምሃብ እናኸኣልኩም እንድሕር ኣቢኹም እቲ ሕጊ ዝተፈለየ እዩ ዝኸውን።

ኣብ ማሕበረሰባዊ ሕክምና እናሃለኹም መድሓኒትኩም ምውሳድ እንተኣቢኹም እቲ ዶክተር ከገድደኩም ኣይኽእልን። ይኹን እንበር፣ መድሓኒትኩም ምውሳድ እንድሕር ኣቢኹምን እቲ ዶክተር ብዘይ እቲ መድሓኒት ክትድሕኑ ከምዘይትኽእሉን እንተ ኣሚኑ፣ ናብ ሆስፒታል ክጽውዐኩምን እቲ መድሓኒት ኣብኡ ንክትወስድዎ ክገብር ይኽእል እዩ።

ብመጀመርያ ደረጃ እንድሕር እቲ መድሓኒት ምውሳድከም ክትቕጽሉ እንተተስማዕሚዕኹም ኣብ ዝኾነ ሰዓት ሓሳብኩም ክትቕይሩ ትኽእሉ እኹም። ከምኡ ቅድሚ ምግባርኩም ንዶክተርኩም ክተዛርብዎ ይምረፅ። ንዶክተርኩም ኣዘራሪብክምዎ እንተ ኮይንኹምን ክሳብ ሀዚ እውን እቲ መድሓኒት ክትወስድዎ እንተዘይደሊኹምን ናብ ሆስፒታል እንደገና እንድሕር ዘይተፀዊዕኹም ንክትወስድዎ ኣይትድደዱን ኢኹም።

ድሕሪ ሓደ ወርሒ ናይቲ CTO እቲ መድሓኒት ንክትወስድዎ ፍቓደኛ እንተ ኮይንኹም፣ዶክተርኩም ነዚ ንምርግጋፅ ኣብቲ ሰርቲፊኬት ክመልኦ እዩ። ኮይኑ ግና ኣብዝኾነ ሰዓት ፍቓደኛ ዘይምዃን ትኽእሉ ኢኹም።

ድሕሪ ሓደ ወርሒ ናይቲ CTO፣ መድሓኒት ንምውሳድ ፍቓደኛ ምኻን እንድሕር ጽቡቕ ዘይስምዐኩም ሃልዩ፣ ዶክተርኩም ካብ ንካልኣይ ርኢቶ እተሾመ ዶክተር(SOAD) ናይ ውልቀ ክኢላ ሓኪም ምስክር ወረቀ የድልዮ።

# ካብ ንካልኣይ ርኢቶ ዝተመደበ ዶክተር (SOAD) እንታይ ትፅቢት ይግበር

ብ ንካልኣይ ርእይቶ ዝተመደበ ሓኪም ክትምርመሩ እንተድልይኩም ነዚ ዝስዕብ ክገብር/ክትገብር እዩ/ያ፤

- ብዛዕባ መድሓኒት ምሳኹም ምዝታይ ብዝኾነ ካሊእ ሰብ ክህሉ እንተዘይፈቂድኩም ውልቃዊ እዩ። ተርጓሚ ወይ ፈራሚ እንተ ደሊኹም እቲ ዘፋነወኩም ሆስፒታል ከቅርበልኩም እዩ።
- ምስ ሓኪምኩምን ምስ ካልኦት ክልተ ኣብቲ ክንክንኩም ሕክምናኹምን ዝተሳተፉ ክኢላታትን ተዘራረቡ።
- እቲ መድሓኒት ምውሳክ ክትቅጽልሉ የድልየኩም ድዩ

እቲ ንኻልኣይ ርኢቶ ዝተሾመ ዶክተር እንተተስማዕሚዑ ኹሉ ወይከዓ ዝተወሰነ መድሓኒት ምውሳድ ቀጽልሉ። ነዚ ዘረጋግጽን ነቲ መድሓኒት ዝገልጽን ምስክር ወረቐት ክመልኡ ኣለዎም። ባዕልኩም ፍቓድ ምሃብ ትኽእሉን ፍቓደኛን እንተዘይኮይንኹም፣ ሓኪምኩም እዚ ምስክር ወረቐት እዚ ንሕክምናኹም ንምቕጻል የድልዮ።

ዶክተርኩም እቲ ንኻልኣይ ርኢቶ ዝተሾመ ዶክተር እንታይ ከምዝወሰነ ክነግረኩም እዩ።

እቲ ንኻልኣይ ርኢቶ ዝተሾመ ዶክተር ናይቲ ሆስፒታል ሰራሕተኛ ስለ ዘይኮነ እቲ ዝውስኖ ውሳነ ናይ ውልቀ ሕክምናዊ ውሳነ እዩ። በቲ ውሳነ እንድሕር ዘይተስማዕሚዕኹም ናባና ጥርዓን ክተቅርቡ ኣይትኽእሉን።

# ብጣዕሚ ህፁፅ ኩነታት እንተኾይኑ

ኣብ ገለ ህፁፅ ኩነታት እቶም ኣብ ላዕሊ ዘለው ብዛዕባ ሰርቲፊኬት ዝገልፅ ሕጊ ኣይሰርሕን። ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ሕጊ ሓደ ሓኪም ንሓደ ሕሙም ብናይ ማሕበረሰብ ሕክምና ትእዛዝ ብዘይ ፍቓዱ ንሓደ ናይ ኣእምሮ ጸገም ዘለዎ ኣገዲዱ መድሓኒት ክህቦ ይፈቅድ፤እቲ ሕክምና ነዞም

- ሂወት ዘድሕን እንተኾይኑ
- ካብቲ ዘለዎም ሓደገኛ ቃንዛ ዘድሕን እንተኾይኑ
- ካብቲ ዘለውሉ ኩነታት ንከይገድድ ዝገትእ እንተኾይኑ
- ንባዕሎም ወይ ንኻልእ ሰብሓደገኛ ወይከዓ መፍረሒ ካብ ምኳን ዝገትኦም እንተኾይኑ

ዝስዕቡ ነዞም ዝስዕቡ ዝጠቅም እንተኾይኑ፡-

# ክትጠርርዑ እንተደሊኹም እንታይ ክትገብሩ ኣለኩም

ብመሰረት ናይ ኣእምሮ ጥዕና ሕጊ ኣብ ትእዛዝ ናይ ሕብረተሰባዊ ክንክን እንተሊኹም ወይ እንተ ኔርኩምን ብዛዕባ ኣንቲ ሽዑ ግዜ ዝተፈፀመ ነገር ጥርዓን እንተልዩኩም ነቲ ጥርዓንኩም ንምምርማር መጀመርታ ነቲ

- ነቲ ናይ ዘፋነወኩም ጥዕና ጣብያ ጥርዓን ቢሮ ክትዛረብዎ ወይ ክትፅሕፉ ኣለኩም። ወይ ከዓ ኣብ ክንዳኹም ካሊእ ተኪእኹም ክሓተልኩም ይኽእል እዩ። (ኩሉ ጥዕና ጣብያ ናይ ጥርዓን ቢሮ ኣለዎም።)
- ጥርዓንኩም ከተቕርቡ እንተተጸጊምኩም፣ እቲ ሆስፒታል ክሕግዘኩም ዝኽእል ናይ ምጉስጓስ ኣገልግሎት ክህልዎ ኣለዎ (እዚ ናጻ ተጣባቒ ጥዕና ኣእምሮ ወይ ካልእ ተጣባቒ ክኸውን

መካየዲ ስራሕ ናይቲ ሆስፒታል ሕተትዎ።

እቲ ናይቲ ሆስፒታል መካየዲ ስራሕ ጥርዓንኩም ክፈትሐልኩም ክምኩር እዩ። እንታይ ከምዝረኸቡን ነገራት ንክስተኻኸሉ እንታይ ክገብሩ ትልሚ ከምዝሓዙን ክነግርኹም እዮም።

ብናይቲ ሆስፒታል መልሲ እንድሕር ዘይዓጊብኩም ጉዳይኩም ክንምርምረልኩም ክትሓቱና ትኽእሉ ኢኹም። ኣብዚ ናይዚ መፅሓፍ ድሕሪት ገፅ ብዘሎ ኣድራሻ ርኸቡና።

ብናይቲ ሆስፒታል መልሲ እንድሕር ዘይዓጊብኩም ብተወሳኺ ንናይ ባይቶን ኣገልግሎት ጥዕናን ዕቑባ ሰብ ጥርዓንኩም ክምርምሮ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም።

ኣንቡላን ንምርካብ ስልኪ ቁጽሪ **0345 015 4033** ወይ ከዓ ናብ ባይቶኣውን ኣገልግሎት ጥዕናን ዕቑባ ሰብ፡ ሚልባንክ ታወር፡ Millbank Tower, Millbank, London SW1P 4QP ጸሓፉ።

# ጥርዓንኩም ብኸመይ ንሕዞ

ኣብ ትሕቲ ሕጊ ኣእምሮኣዊ ጥዕና ምስ ሕክምናኹም ዝተሓሓዝ ጥርዓን ክንምርምር ስልጣን ኣለና።

ከም ተቖጻጻርቲ ምስቲ መንግስቲ ዘውጽኦ መለክዒታት ጽሬትን ድሕንነትን ዘይምምላእ ብዝምልከት ናይ ውልቀ ሰባት ጥርዓን ኣይንፈትሕን። ብዛዕባ እዚኦም ጥርዓን እንተሃልዩኩም፣ ንስኹም ወይ እቲ ኣብ ክንዳኹም ዝሰርሕ ዘሎ 'ብዛዕባ ኣገልግሎት ክንክን ጥዕና ወይ ማሕበራዊ ክንክን ብኸመይ ጥርዓን ተቕርብ' ዝብል መጽሓፍና ከተንብቡ ይግባእ። ዘለኩም ተመኩሮ በዚ ዝስዕብ መርበብ ሓበሬታ ጌርኩም ክተካፍሉና ትኽእሉ ኢኹም: **www.cqc.org.uk/public/sharing-your-experience**።

እቲ ዘቕረብክምዎ ጥርዓን ብዛዕባ ኣብ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና እናሃለኹም ዝነበረ ክንክን ዝምልከት እንተኾይኑ መጀመርታ እቲ ሆስፒታል ነቲ ጥርዓን ዝገበሮ ምርመራ ክንርኢ ኣለና።

ብዛዕባ ጥርዓንኩምን ብዛዕባ እቲ ሆስፒታልኩም ዝሃቦ መልስን ብዝርዝር ክንግምግም ኢና። እቲ ሆስፒታልኩም ነቲ ጥርዓንኩም ክፈትሖ ከም ዘይከኣለ እንተ ተሰማሚዕናሉ ነቲ ጉዳይ ባዕልና ንምምርማር ወይ ንዘይ ምምርማር ክንውስን ኢና።

ኣብ መወዳእታ በቲ ምርመራ እንታይ ከምዝረኸብና ክንነግረኩም ደብዳቤ ክንሰደልኩም ኢና። ከምዚ ዝኣመሰለ ጉድለት ምእንቲ ኸየጋጥሞ
እንታይ ክገብሩ ኸም ዘለዎም ንሆስፒታልኩም እንህቦ ርእይቶ ዘጠቓልል ክኸውን ይኽእል እዩ።

# ናይ ውልቀ ሓበሬታ

ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ምስ ናይ ስነ ኣእምሮ ሕክምና ሕጊ ኮምሽነር ተራኺብኩም እንተኔርኩም ናይ ውልቀ ሓበሬታኹም ሒዝናዮ ክንከውን

- ብዛዕባኹም እንታይ ዓይነት ናይ ውልቀ ሓበሬታ ሒዝና ኣለና
- እቲ ናይ ውልቀ ሓበሬታኹም መን ክጥቀመሉ ይኽእል
- ናይ ውልቀ ሓበሬታኹም ንምንታይ ሒዝናዮ ኣለናን ከመይ ንጥቀመሉ ኣለናን ከመኡ እውን

ንኽእል ኢና። ብመሰረት ሕጊ ሓለዋ ሓበሬታ፣ ከምዚ ኢልኩም ኽትሓቱና መሰል ኣለኩም፦

ብዛዕባ እቲ ብዛዕባኹም ሒዝናዮ ዘለና ናይ ውልቀ ሓበሬታ ዝርዝር ክትሪኡ እንተ ደሊኹም በጃኹም በቲ ኣብ ዳሕረዋይ ገጽ እዚ መጽሓፍ ዘሎ ኣድራሻ ጽሓፉልና።

# ብኸመይ ትረኽቡና

እንድሕር ክትረኽቡና ደሊኹም ንስኹም (ዓርክኹም ወይከዓ ዘመድኩም ኣብ ከክንዳኹም)፡

- ናብ ኣብ ኒውካስትል ዘሎ ቢሮና ፀሓፉልና (ኣብ ድሕሪት ገፅ ናይዚ መፅሓፍ እዚ ኣሎ) ወይ ከዓ
- ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ካብ ሰዓት 8:30 ናይ ንግሆ ክሳብ 5:30 ድሕሪ ሰዓት ብስልኪ ቁጽሪ **03000 616161** ኣብ ቢሮና ምስ ዝርከቡ ዝኾኑ ሰባት ክትዘራረቡ ትኽእሉ ኢኹም። (መማረፂ 1 ይምረፁ)

ቢሮ እንድሕር ተዓፅዩ ብስልኪ ቁፅርና መልእኽቲ ክትልእኹ ትኽእሉ ኢኹም። ኣብ ስራሕ ሰዓት ምእንቲ ክንረኽበኩም ሽምኩም፣ ኣድራሻኹምን ስልኪ ቁፅርኹም ኣቀምጡ።

## ናይዚ ተኸታታሊ ካልእ ጽሕፋት

“ከመይ ጌርና መሰልን ድሌትን ናይ ኣብ ሆስፒታት እተኣገዱ ሰባት ንሕግዝ”

‘ኤሌክትሮ-ኮንቨልሲቭ ቴራፒ (ECT) – ናይ ሕክምና ፍቃድ ምሃብ መሰልኩም’

# ኣይትፈለዩና

ናብዚ ጸሓፉልና፡-

**CQC Mental Health Act**
**Citygate**
**Gallowgate**
**Newcastle upon**
**Tyne NE1 4PA**

ስልኪ: **03000 616161 (መማረፂ 1 ይምረፁ)**

ኢሜይል፡ **enquiries@cqc.org.uk**

መርበብ ሓበሬታ፡ **www.cqc.org.uk**

እዚ መፅሓፍ ብኻልእ ቋንቋ ወይ ከዓ መልክዕ (ንኣብነት ብዓብይ ተፃሒፉ ወይ ብቀሊሉ ንኽንበብ ወይከዓ ብድምፂ ብመልክዕ ሲዲ) እንተደሊኽምዎ ብኽብረትኩም ናብ መርበብ ሓበሬታና፡ www.cqc.org.uk ተወከሱ። ወይ ከዓ በቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ ኣድራሻ ረኸቡና።

Crystal Mark 20327
Clarity approved by Plain English Campaign